# ካብ ግዱድ ዕስክርና ከምልጡ ዝፈተኑ 3 መንእሰያት ተቐቲሎም

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
12 ሚያዝያ 2010

ስርዓት ኢሳያስ፡ ብዕለት 31 መጋቢት 2010 ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ማለት ኣብ ፎደ፡ ሽድርታ፡ ሻምብቆን ኣንቶረን ዝተባህሉ ቦታታት፤ ንድኻታት ስድራቤታቶም ክዕንግሉ ኢሎም ኣብ ምእራይ ወርቂ ተዋፊሮም ንዝንነበሩ መንእስያት ኣዳህሊሉ ብሰራዊት ድሕሪ ምኽባብ መጠነ ሰፍሕ ግፋ ኣካዪዱ። ካብ'ዚ ግፋ'ዚ ከምልጡ ኣብ ልዕሊ ዝፈተኑ ንጹሃት ዜጋታት ብዝተተኰሰ ጠያይቲ ድማ፡ ኣብ ኣንቶሬ 3 ሰለስተ መንእስያት ከም ተቐትሉ ምንጪታት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

እቶም ከምልጡ ዘይከኣሉ ከኣ፡ ተኮብኵቦም ናብ መደበራ ታዕሊም ኣቅብር መናዓን (ኳዕላይ) ድወንን ኣብ ከባቢ ትኩምብያ ኣትዮም ኣለዉ። ኣብዚ ናይ ታዕሊም መደበራት ዝርከቡ መንእስያት ብብርቱዕ ጥሜት ይሳቀዩን ብሕማም ይጥቅዑን ምህላዎም እቶም ምንጪታት ወሲኾም ሓቢሮም።